## ቅዱስ ገብርኤል ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ኒውዮርክ ከባቢኣን
## ARC ANGEL ST. GABRIEL ERITREAN ORTHODOX CHURCH OF NEW YORK

ምእመናን ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ገብርኤል ኒውዮርክን ከባቢኣን፣ ንበዓል መስቀል ብድሙቕ ኣገባብ ኣብዒሎሞ። እቲ በዓል ቀዳም 28 መስከረም 2007 (18 መስከረም 2000 ዓ.ም ግእዝ ) እዩ ተኸቢሩ ብዒሉ። ብሓቂ ድማ ንመንፈስካ ዘሕድስ፣ ባህልኻ ዘዘኻኽር በዓል'ዩ ነይሩ።

ከምቲ ልሙድ ጸሎት ምስ ተገብረ ድማ ልብሰ-ተክህኖ ዝለበሱ ካህናት፣ ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝለበሱ መዘምራንን ምእመናንን ነቲ በዓል ተወሳኺ ድምቀት ሂቦምዎ ውዒሎም።

ኣብ መወዳእታ ድማ ዳመራ ተወሊዑ፣ ውሉደ ክህነት ብመዝሙር፣ ምእመናን ድማ ብጸሎትን ምስጋናን ኣኸቢሮሞ።

እዚ ንኣትዎ ዘሎና ሓድሽ ዘመነ ዮሃንስ፡ ዘመነ ሰላምን ጥዕናን ንክኾነልና ምእመናን ጸሎት ኣብጺሖም። ነታ ከም ዝሓመመ ሰብ ፈውሲ ስኢና እትቁንዞ ዘላ ሃገርና ኤርትራ ድማ ሰላምን ራህዋን ካብ እግዚእብሄር ክትረክብ ብጸሎት ዘኪሮማ።

በዓል መስቀል ኣብ ቤተ ክርስትያን ፍሉይ ታሪኽ ኣለዎ። ታሪኽ ቤተ ክርስትያንን ታሪኽ ዓለምን መዝጊብዎ ከምዘሎ፣ ንግስቲ ኢለን (ሄለን)ንመስቀል ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምርካብ ዝገበርቶ ጻዕሪ፣ ብጸሎትን መንፈሳዊ ምኽርን ከምዝጀመረቶ፣ ድሕሪኡ ድማ "ትኪ ካብ ሰማይ መጺኡ ምልክት ምስ ሃበ" መስቀል ንምርካብ ኩዕታ ከምዝተጀመረን፣ መስቀል ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ቦታ ከምዝረኸብዎን፣ ታሪኽ ቤተ ክርስትያንን ታሪኽ ዓለምን ደኲንዎ ይርከብ።

### ስእላዊ መግለጺ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ተመልከት











